**ስለ ቓለይ ክትምክቱ እንከለኹም፣ ከም ጨካናት፣ ዘይሩህሩሃትን፣ ነቶም ብእግዚኣብሄር ዘይኣምኑ ሓልዮት ዘይብልኩምን ኰንኩም ክትውሰዱ ኢኹም**

**ሶኒ፣ ነሓሰ 05, 2013 ሰዓት 18፣33**

ኣዚኺ ዝተፈቖርኪ ጓለይ፣ ኣብ ውሽጢ'ታ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያንይ ዘንጸላሉ ዘሎ ሕሱም ምምቕቓል ክርኢ እንከለኹ ከመይ ብጓሂ ከምዝነብዕ። እንተኾነ ግዳ ምረት ናይ'ዚ ሕሱም ቃንዛይ በቶም ብሓቂ ዘፍቅሩኒን በቲ ድሮ ንሶም ዘርእይዎ ኣብ ኣተሓሕዛ ኣካለይ ዘለዎም ተገዳስነትን ይቃለል።

ንዝኾነ ኣንጻረይ ዝኾነ ግብሪ፣ ፍጻመ፣ ኮነ ቃላት ናይ ምቕባል ሓላፍነት ከይስማዓኩም። **በቲ ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያንይ በቶም ምሳይ ብዘለዎም ሕብረት ብዝምሕሉ እትርእዩዎ፣ ንኣካለይ ከራኽሱዎ ከለዉ፣ ጽቡቕ እንተዘይተሰሚዕኩም ንልቦናኹም ስዓቡ።** ኣብ ነፍሲ ወከፍ ካልኢት ናይ'ዚ ክሕደተ-እምነት ኣነ ምሳኹም ኣለኹ፣ ነቶም ናባይ ምጽዋዕ ትቕጽሉ ኩሉኹም ኣዒንትኹም ነቲ ሓቂ ክኸፍቶ ኢየ፣ መታን ንዓይ ሓቀኛታት ኰንኩም ክትጸንሑ።

እቲ ግዜ ኣብ ልዕሌኹም ኣሎ ሕጂ። **ነቶም ንገዲም ክርስቲያናዊ ልማድ እሙናት ኮይኖም ንምጽናሕ ዝጸንዑ፣ ኣብ ቀረባ ግዜ መዓጹ ቤተ ክርስቲያንይ ክዕጸዋ ኢየ።** ንዓይ ዘለኩም እምነት ክትገልጹ እንከለኹም፣ እዚኤን መዓጹ ኣብ ገጽኩም ክርገጣ ኢየን። **ኣዝዩ ጕርሒ ብዝመልአ መንገዲ ንእምነትኩም ከባጭዉሉ ኢዮም፣ መታን ስለ ቓለይ ክትምክቱ እንከለኹም፣ ከም ጨካናት፣ ዘይሩህሩሃትን፣ ነቶም ብእግዚኣብሄር ዘይኣምኑ ሓልዮት ዘይብልኩምን ኰንኩም ክትሕሰቡ።**

ናተይ ቅዱስ ኣገልገልቲ ብምዃንኩም ክትግንሑ ኢኹም፣ ከምኡ'ውን ንዓይ ብዘለኩም ተኣማንነት ክትሕተቱ ኢኹም። ሕጂ ተኣከቡ፣ ኩሉኹም። ከይትኽሕዱኒ ኣጽኒዔ እሓትት ኣለኹ። መታን ከተገልግሉኒስ ክሕልወኩም ኢየ። ጾርኩም ብምልዓል ክሕግዘኩም ኢየ። ኩሎም ጸጋታት ሰማያት ኣብ ርእሴኹም ክፈሱ ኢዮም።

**መጠንቀቕታ ንኣቕሽሽቲ፣**

እቶም ነታ ናይ ሓሶት ቤተ ክርስቲያን - ቤተ ክርስቲያን እቲ ኣራዊት - ምስተቐረበትልኩም እትስዕቡዋ ኩሉኹም ከጥፋኣኩም ኢየ። **ነዛ ሓዳስ ቤተ ክርስቲያን ስዓቡዋ እሞ ነፍሲታትኩም ነቲ ኣራዊት ትሸጡ ኣለኹም ማለት ኢዩ።** ኣብ ክንዲ ብስመይ ነፍሲታት ተድሕኑ፣ ንዘልኣለማዊ ሂወት ኣሕሊፍኩም ስለዝሃብኩሞም ተሓተትቲ ኢኹ።

ሕጂ ነቲ ሓቂ እነግረኩም ኣለኹ፣ መታን ነዚኣ መዓልቲ ንምድላው እኹል ግዜ ክዋሃበኩም፣ እታ መዓልቲ ርሕቕቲ ኣይኮነትን እሞ።

ናትኩም የሱስ

**ኪዳነ ምሕረት፡- ኣረሜናት ንኣብያተ ክርስቲያናት እግዚኣብሄር ክቆጻጸሩወን ኣይትጸመሙ**

ሰሉስ፣ ነሓሰ 06, 2013 ሰዓት 19፣37

‘ዛ ጓለይ፣ ነቶም ነዞም ካብ ቅዱስ ስላሴ ዝመጹ መልእኽታት ንዘጥቕዑ ኣይትስምዕዮም፣ ኣብ’ዚ ስራሕ’ዚ ኣቓልቦ’ኺ ክዘርጉዎ ኢዮም እሞ። ዘክሪ፣ እዚ ተልእኾ ካብ ዝኾነ ካልእ ንላዕሊ ክጥቃዕ ኢዩ፣ ምኽንያቱ ሓቀኛ ስለዝኾነ። እቲ ላግጺ፣ ባጫን፣ ነቐፌታን ክሳብ’ታ ናይ መወዳእታ መልእኽቲ እትቕበልላ መዓልቲ ክቕጽል ኢዩ።

ነዞም መልእኽታት ከፋኹሱ ዘሎ ውጥን ክጽዕቕ ኢዩ፣ ከምኡ’ውን ጽልኢ ክብርትዕ ኢዩ፣ ስለ’ሲ ተዳለዊ። እዞም መልእኽታት ብኣመንቲ ወይ’ውን ዘይኣመንቲ ዕሽሽ ክበሃሉ ኣይክእሉን ኢዮም፣ ቃል እግዚኣብሄር’ሲ ከይተራእየ ክሓልፍ ኣይክእልን ኢዩ እሞ። ጽልኣት እግዚኣብሄር ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ ኣብ ኩሉ ዓለም ኣሎ፣ እቶም ኣብ’ዚኤን ግዜያት ንቃሉ ዝነግሩ ድማ ክሳቐዩ ኢዮም።

ካብ’ቲ መጀመርያ ግዜ እግዚኣብሄር ንሓደገኝነት ኣረሜንነት ንደቁ ከጠንቕቕ ነብያቱ ዝላኣኸሉ፣ እቲ ሓቂ ኩልግዜ ምስተነጽገ ኢዩ። ኣረሜንነት፣ ቀጥታዊ ተጻራሪ እቲ ሓቂ ኢዩ - እቲ ቃል እግዚኣብሄር። እቶም ንናይ ሓሶት ኣማልኽቲ ዘምልኹ መሳኪን ነፍሲታት ነቦይ ብዙሕ የቐጥዑዎ። ቀናእ እግዚኣብሄር ኢዩ፣ ኩሉ ነገር ብእኡ ኣቢሉ ስለዝጀመረ። ንሱ ኩሉ ይኽእል። ንሱ ፈቃር እግዚኣብሄር ኢዩ፣ እንተኾነ ግዳ ኣረማውያን ነቶም ዘፍቅሮም ክወሩ እንከለዉ፣ ነድሩ ክፍራሕ ዘለዎ ኢዩ።

ደቂ እግዚኣብሄር - እቶም ዝኣምኑዎን ብመንገዲ ፍቕር ወዱ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ዘምልኹዎን - ምስ ኩሎም ነፍሲታትን፣ ኩሎም ሃይማኖታትን ክሓብሩ ክፍትኑ እንከለዉ ኣዝዮም ክጥንቀቑ ኣለዎም። እግዚኣብሄር ኩሎም ደቁ፣ ዓሌቶም፣ እምነቶምን፣ ሃገራቶምን ብዘየገድስ ንሓድሕዶም ክፋቐሩ ይደሊ። እቲ ንሱ ዘየፍቅዶስ፣ ክርስቲያናት ንኣረማዉያን ኣብ ቤተ ክርስቲያኖም ክይሓቑፉዎም ኢዩ። እዚ ክኸውን እንከሎ፣ እቶም ኣምለኽቲ ጣኦት ንኩሎም ኣሰራት ክርስቲያናዊነት ክጥፉእዎም ኢዮም። ንሓቂ ወሲድካ - እቲ ቃል እግዚኣብሄር - ንሓሶታት ቦታ ሂብካ ምብካሉ ንእግዚኣብሄር ዘዋርድ ኢዩ።

ነቢያት እግዚኣብሄር ንሓደገኝነት ምቕባል ኣረማውነት ንደቂ ሰብ ኣጠንቂቖም ኢዮም፣ ናብ ፍጽም ዕንወት ኢዩ ዝመርሕ። እዚ ክኸዉን ከሎ፣ እተን ነዚ ጽያፍ’ዚ ናብ ኣብያተ ክርስቲያንን ክኣቱ ዘፍቀዳ ሃገራት ንእሸቶ’ውን ምሕረት ከይርኣያ ክድምሰሳ ኢየን።

ኣረሜናት ንኣብያተ ክርስቲያናት እግዚኣብሄር ክቆጻጸሩወን ኣይትጸመሙ። እግዚኣብሄር ነቲ እንኮ ወዲ ልኢኹ ድሕነት ከምጽኣልኩም ዝገበሮ ዓብዩ መስዋእትነት ፈጺምኩም ክትርስዑዎ የብልኩምን። እታ ናይ እግዚኣብሄር ዘይኮና ናይ ካልኦት

ቤተ መቕደሳት ልምዲታት ዝተቐብልኩምላ ዕለት፣ ወይ’ውን ንኣረሜናት ክብሪ ከተርእዩ ዝጀመርኩምላ ዕለት፣ እታ ነቲ ሓቂ ሕቝኹም ዝሃብኩምላ ዕለት ክትከዉን ኢያ።

ኣዒንትኹም ክፉታት ግበሩወን፣ ከምኡ’ውን ኣብያተ ክርስቲያንኩም ንየሱስ ክርስቶስ ንዘለኩም ተኣማንነት ክትጥንጥንዎ ከይግድዳኹም ጸልዩ።

ፍቕርቲ ኣዴኹም

ኪዳነ ምሕረት

**እግዚኣብሄር ኣምላኽ፦ እቲ ጸረ-ክርስቶስ ነብሱ ከቃልዕ ሕጂ ተቐሪቡ ኣሎ**

ረቡዕ፣ ነሓሰ 07, 2013 ሰዓት 18፣50

ኣዚኺ ክብርቲ ጓለይ፣ ዓለም ንምምጻእ እቲ ደቀይ ኣብ ምድሪ ካብ ዝሰፈሩሉ ግዜ ጀሚሩ ዝኸፍኤ ጸላኢ ደቂ ሰብ ክትዳሎ ኣለዋ።

እቲ ጸረ-ክርስቶስ ነብሱ ከቃልዕ ሕጂ ተቐሪቡ ኣሎ፣ ውጥኑ ድማ እዚ ኢዩ። ኲናት ኣብ ኩሉ ክሳብ ቃል ቃል ዝብል ክጽበ ኢዩ። ሽዑ ኢዱ ከእቱን ንሃገረ እስራኤልን ፍልስጥኤምን ብዘይመስል ኪዳን ብምጽንባር ናይ ሓሶት ሰላም ክፈጥር ኢዩ። ኩሉ ሰብ ናእዳኡ ከውሕዘሉ ኢዩ። ኣብኡ ጠጠው ኣይክብልን ኢዩ፣ ንብዙሓት ብዘገርም ፍጥነት ብምንቅስቓስ ኣብ ሞንጎ ብኲናት ዝተሓመሳ ሃገራት ውዕል ሰላም ከሰማምዔን ኢዩ። ሕጂ'ውን፣ ብኣዝዩ ፍሉይ ፍቕሪ ብቢልዮናት ኣብ ሙሉእ ዓለም ክናኣድን መሊሱ ድማ ክድነቕን ኢዩ።

ሽዑ ኩሉ ግርም ክመስል ኢዩ። ኣብ ቀረባ ግዜ ድማ ኣብ ግብረ-ሰናይ ክሳተፍ ኢዩ፣ ከምኡ'ውን ምስ'ተን ቀንዲ ባንክታት ዓለም ብምዝማድ ሓድሽ ሓያል ዝኾነ ገንዘባዊ ትካል ክቐውም ኢዩ። ብዙሓት ንግዳትን ፖለቲካዊ መራሕቲን ኣብ'ቲ ብዙሓት መደባቱ ክእለኹ ኢዮም። ብዙሕ ከይጸንሔ ብስም ምብርባር ቁጠባ ዓለም ሓድሽ ኣራዊትነት ክፍጠር ኢዩ። እዚ እታ ሓዳሽ ባቢሎን ኢያ፣ እቶም ሕሩያትን ሃብታማታን ዓለም ዝንግዱላ ማእከል ናይ ኩሉ ስልጣን። ከም ምንጪ ዓብዪ ዜናታት ክትርኤ ኢያ፣ መታን ሰባት ብ'ኹሉ መዳይ ካብ ስርሖም፣ ዝቕመጡሉ ገዛን፣ ንስድርኦም ዝቕልብዎም ቀለብን ክረብሑ።

ኩሉ ክብርታት ነቲ ጸረ-ክርስቶስ ክኸቦ ኢዩ። ድሕሬኡ፣ ምስ'ቲ ናይ ሓሶት ነቢይ ኮይኑ፣ ከም ዝዓበየ ሰብኣዊ ተበግሶ ዝግለጽ ዓለም-ለኻዊ ሽርክነት ክፈጥሩ ኢዮም። ዓለም ነዛ ሓዳስ ባቢሎን ክቕበላን፣ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ድማ ብያዕያዕታ ብዝተኻእሎ መጠን ኣብ ውሽጢ ሕምብርታ ሓንቲ ንእሽቶ መራግጸ ክረክብ ክፍትን ኢዩ።

እታ ሓዳስ ባቢሎን፣ ኩሉ ክንገር ኢዩ፣ ነቲ ዓብዪ ንምኽባር፣ ንከባቢ ክብ ንምባል፣ ንኣደ መሬት ንምሕቓፍን፣ ስእነት ሃብቲ ካብ ዓለም ንምጥፋእን ኢዩ እናተባህለ ካብ'ቲ ጽያፍ ኣፉ ክወጽእ ኢዩ።

እዚ ክፍጸም እንከሎ፣ እታ ጣልቃ እትኣቱ ኢደይ ንዓለም ኣብ ሚዛና ከጠዉያ ኢያ። ንደቀይ ሳዕቤን ምቕባል ናይ'ዚ ኣብ ማዕሙቕ ገሃነም እተፈጥረን ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰብ ዝወርድን ነውሪ ከየጠንቐቕኩ ተዓዛቢ ኣይክኸዉንን ኢየ። ነቶም ነዚ ውርደት ብቅዱስ ስመይ ሓንጎፉይ ዝብሉን ዝቕበሉን እቶም ዓበይቲ ምልክታተይ ክርእዩዎም ክዋሃቡ ኢዮም።

ንዓለም ከሓቑና ኢየ፣ ሽዑ ክትቀንን ኢያ። ዝኾነ ሰብ ብዛዕባ ጣልቃ ምእታወይ ዕሽሽ ኣይክብልን ኢዩ። ኣብ ሓደ ሲሶ ክፋል ዓለም ድማ ሓዊ ክኸዑ ኢየ። ኣብ ቀረባ ድማ፣ ድርቂ ክርኣይ ኢዩ፣ ብኢደይ ኣይኮነን - እቲ ጸረ-ክርስቶስ ኮነ ኢሉ ንዓለም ስለዝብከላ እምበር። ንሱን ጭፍራታቱን ኮነ ኢሎም ሕሰም ኣብ ልዕሊ ዘይጥርጥሩ ሰባት ብዙሓት ሃገራት ከውርዱ እንከለዉ፣ ኣነ መሊሰ ክወቅዕ ኢየ።

እዚ ስቅያት'ዚ ክትጻወሮ ከቢድ ይኹን እምበር፣ ኣይትፍርሑ ደቀይ፣ ሓጺር ክኸዉን ኢዩ'ሞ። ንኩሉኹም ዘለኒ ፍቕሪ ዓቢ ኢዩ፣ እንተኾነ ግዳ ፍትሒይ ቅልጡፍ፣ መቕጻዕተይ ድማ ዓብዪ ኢዩ።

ኣብ ቅድሜኹም ዝተቐረበልኩም ኣይትቀበሉ። እቲ ሰብኣይ ሰላም፣ እቲ ጸረ-ክርስቶስ፣ ኣብ'ተን ብኩናት ዝተሓመሳ ሃገራት ብዝሰርሖ ዓበይቲ ስርሓት ፍሉይ ክብሪን ሽልማትን ክቕበል እንከሎ፣ ጣልቃ ምእታወይ ከም ዝቐረበ ፍለጡ።

ኣብ ኩሉ ግዜያት ምስ ወደይ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ሓቢርኩም ክትጸንሑ ኣለኩም፣ ከምኡ'ውን ኣብ'ዚ ኣብ ቅድሜኹም ዘሎ ፈተንቲ ግዜያት በቶም እሙናት ኣቕሽሽቲን ካህናትን እቲኤን ምስጢራተ ቤተ ክርስቲያን ከቕርቡልኩም ጸልዩ።

ፍቓደይ፣ ክፍጸም ኢዩ።

ነቲ ወደይ ብሰላም ዝገዝኣሉ ናይ መወዳእታ ኪዳን ከይፍጸም ዋላ ሓደ ክዓግቶ ዝኽእል የለን፣ ኣይክህሉን ኢዩ እውን።

ፍቑር ኣቦኹም

ልዑል እግዚኣብሄር

**ነፍሲ’ሲ እግዚኣብሄር ዓብዩ ምኽኑ ክሳብ ትቕበል፣ መሊሳ ምልእቲ ክትከዉን ኣይትኽእልን ኢያ**

ዓርቢ፣ ነሓሰ 9, 2013 ሰዓት 16፣50

ኣዚኺ ክብርቲ ጓለይ፣ ምስ ልበይ ምሕባር ማለት እንታይ ምኽኑ ሰባት ሙሉእ ብሙሉእ ኣይርድኡዎን ኢዮም። ኣነ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ደቂ ሰብ ካብ ባርነት ሓጢኣት ክሕርሮም መጺኤ። ሓጢኣት፣ ሰይጣን ካብ እግዚኣብሄር እዓቢ ኢየ ኢሉ ምስ ኣመነ ኢዩ ተፈጢሩ። ብሰንኪ’ቲ ክፉእ ቅንኡ፣ ንሰብ - ነቶም ቀዳሞት ደቂ ኣምላኽ፣ ኣዳምን ሄዋንን - ካብ እግዚኣብሄር ክርሕቖም ፈተኖም።

ብሞተይ ንኹሎም ደቂ ኣምላኽ ህያብ ድሕነት ተዋህበም። ብዙሓት ህዝቢታት ኣብ ዓለም፣ ሰብ ኩሉ እምነታት፣ እንኮላይ እቶም ብእግዚኣብሄር ዘይኣምኑ ወይ ንእግዚኣብሄር ክሒዶም ካብ እግዚኣብሄር ናይ ሓሶት ኣማልኽቲ ዘቔድሙ፣ ንኹሎም እቲ ህያብ ድሕነት ተወፍይሎም ኣሎ። ኩሎም ኣይኮኑን ነዚ ህያብ ዝቕበሉዎ። ናብ ነፍሲ ወከፍኩም ከም መድሓኒ መጺኹ። ቅድሚ’ታ መወዳእታ ዕለት፣ ነቲ ሓቂ ከርግጸልኩም ኣብ ቅድሚ ኩሉኹም ክመጽእ ኢየ። ነቶም በዒንቲ እግዚኣብሄር እቲ ዝኸፍኤ ሓጥያት ዝፈጸሙ ከይተረፈ’ኳ  ህያብ ዘልኣለማዊ ሂወት ክውፍየሎም ክመጽእ ኢየ።

ሞገስ እግዚኣብሄር እቲ ንቕድሚት ዝወስደኩም መንገዲ ኢዮ’ሞ፣ መታን ነዚ ህያብ ክትቅበሉ ክትገብርዎ ዘለኩም ምሕረተይ ምቕባል ጥራይ ኢዩ። እግዚኣብሄር ከኣሊ ኩሉ፣ ሓያልን፣ ብኹሉ መንገዲ ፍጹምን ኢዩ። ብኹሎም ኣብ ሰማያት ዘለዉ መላእኽቲን ጻድቃናትን ኣዝዩ ፍቑር ኢዩ። ብብዙሓት ኣብ ዓለም ብሂወት ዘለዉ ነፍሲታት ኣዝዩ ፍቑር ኢዩ። ነቲ ዓብዩ ክብሩ ኣብ’ታ ሓዳስ ገነትን ኣብ’ታ ሓዳስ ምድሪን ኩሉ ክርእዮ ኢዩ።

ንእግዚኣብሄር፣ ሰብ ኣየድልዮን ኢዮ። ነቲ መብጽዓ ዝኣተዎ ዘልኣለማዊ ሂወት ከምጽኣሎም ንዓይ ንፍቑር ወዱ ዳግማይ ዝልእኽኒስ ንሰብ ብዘለዎ ፍቕሪ ጥራይ ኢዩ። ስለ’ዚ ኢዩ ድማ ዓቃል ዝኾነ። ስለዚ’ዩ ድማ ንሓጥያት ከምዘይርኣየ ዝሓልፎ፣ ደቁ ናብኡ ተመሊሶም ንፍቕሩ እንተተቐበሉ ብዘለዎ ተስፋ።

ፍቕሪ ንጹህ ክኸዉን እንከሎን ካብ እግዚኣብሄር ክነቅል እንከሎን ሓያል ኢዩ። ነፍሲ ንጽህቲ ክትከዉን እንከላ፣ ብቐሊሉ ናብ ፍቕሪ እግዚኣብሄር ትሳሓብ ኢያ። ክነጽሃ ዘድልየን ነፍሲታት፣ መሊሱ ሙሉእ ክገብረን ዘድልየን ስቓይ እንተተቐቢለን፣ ፍቕሪ እግዚኣብሄር ክቕበላ ኢየን። ዓቢይነት እግዚኣብሄር ከይፈለጠትን ብትሑት ኣገልጋልነት ኣብ ቅድሜኡ ከይሰገደትን ሓንቲ ነፍሲ መሊሳ ምልእቲ ክትከውን ኣይትኽእልን ኢያ።

ኩሉኹም መንገዲ ድሕነት እትርእዩላ መዓልቲ ቀሪባ’ላ። ነፍሲ ወከፍ ሓጥእ ናብ እግዚኣብሄር ክቐርብ ዕድል ክዋሃቦ ኢዩ። እቶም ዝቐርቡ ምሕረተይ ክውሕዘሎም ኢዮም።

ናትኩም የሱስ

**ኪዳነ ምሕረት፡- ከቶ ኣየናይ ሰብ ኢዩ ነዚ ሓድሽ ፍጹምነት ዘለዎ ህላወ ክነጽጎ**

ዓርቢ፣ ነሓሰ 09, 2013

'ዛ ጓለይ፣ እቲ እከይ ንኹሎም ነፍሲታት፣ እንኮላይ ነቶም ንልቢ ወደይ ቀረባ ዝኾኑ፣ ንዳግማይ ምጽኣቱ ክነጽጉን ክኽሕዱን ኩሉ ዓይነት ጻዕሪ ከገብር ኢዩ።

ከም'ቲ ናብ'ቲ የሱስ ክውለደሉ ዝተቓረበሉ ግዜ ንዓይ ንኣደ እግዚኣብሄር እቲ ክፉእ መንፈስ ዝተጻባኣኒ፣ ኣብ ዳግማይ ምጽኣቱ ዝቀራረበሉ ግዜ'ዉን ልክዕ ከምኡ ዓይነት ተቓውሞ ክርኤ ኢዩ።

ወደይ ዳግማይ ክመጽእ ኢየ ኢሉ ንዝኣተዎ መብጽዓ ዝምልከት ንብዙሓት ሰባት ኣይርኣዮምን ኢዩ። ብዙሓት እቶም ዳግማይ ምጽኣቱ ኣብ ቀረባ ግዜ ክፍጸም ኢዩ ኢሎም ዘይኣምኑ ድሉዋት ኣይኮኑን፣ ምኽንያቱ ኣብ ናይ ሂወት ዘመኖም ክፍጸም ኢዩ ኢሎም ክቕበሉ ስለዘይክእሉ ኢዩ። ብኣንጻሩ ግን፣ ወደይ ኣብ መስቀል ምስ ሞተ ድሕሪ ሓጺር ግዜ፣ ሃዋርያቱስ ዳግማይ ምጽኣቱ ክርእዩ ተጸብዮም ኔሮም። እዚ እምነት ድሕሪ ኣማኢት ዓመታት ኣብ ዝነበሩ ክርስቲያናት'ውን ኔሩ ኢዩ። እንተኾነ ኣብ'ዚ ሎሚ እዋን ከምኡ ኣይኮነን ዘሎ። ገለ ድማ ዳግማይ ምጽኣት ከም ክፋል ናይ ቀደም ቅዱሳት ጽሑፋት ዝምልከት ጌሮምን ኣካል ናይ መጻኢ ግዜ ኢዩ ኢሎም ዝኣምኑ። ንዕኦም፣ ኣብ'ዛ ናይ ሎሚ ዘመናዊት ዓለም፣ ዳግማይ ምጽኣት ዝኾነ ምትእስሳር ኣለዎ ኢሎም ኣይኣምኑን ኢዮም። ሎሚ ኩሉ ነገር ኣብ ዓለም ኣብ ነገራዉነት (ሃብቲን ምቾትን)፣ ዘመናዊ ብልሒ ወዲ ሰብ፣ ከምኡ'ውን ኣብ'ቶም ካብ ዓበይቲ ምዕባለ ስነ-ፍልጠት(ሳየንስ) ዝነቕሉ ዓበይቲ መስተንክራት ዝተመርኮዘ ኢዩ።

ደቀየ፣ ንስኹም ክትቅረቡ ኣለኩም። ክትፈርሑ የብልኩምን። ወደይ ኣዚዩ ስለዘፍቅረኩም ኢዩ ሰላም ከምጽኣልኩምን፣ ካብ'ቶም ቀጥታዊ ውጽኢት ኣብ ዓለም ዘሎ ሓጥያት ዝኾኑ ጓሂን ቅብጸትን ሓራ ከውጻኣኩም ኣብ ቀረባ ግዜ ዳግማይ ክመጽእ።

ዳግማይ ምጽኣት ክርስቶስ፣ ወድ ሰብ ንኽነብር ዘድልዮ ነገር ኢዩ። ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተነግረ የሱስ ኣብ ቀረባ እንተዘይመጺኡ፣ ዓለም ክትድምሰስ ኢያ፣ ከምኡ'ውን ወድ ሰብ ክርሕራሕ ኢዩ። እዚ ህያብ ሓድሽ ሂወት ከምጽኣልኩም ኢዩ፣ ሓድሽ ዘደንቕን ክብሪ ዝመልኦ ጅማረ ኣብ'ታ ሓዳስ ገነት። ዓብዪ ምሕዳስ እዛ ምድሪ ክኸዉን ኢዩ፣ ምስኡ ድማ ዘልኣለማዊ ሂወት ክመጽእ ኢዩ። ከቶ ኣየናይ ሰብ ኢዩ ነዚ ሓድሽ ፍጹም ዝኾነ ህላወ ክነጽግ። ብዛዕባ እዚ ገነት ናብ ዝነበረትሉ እትምለሰሉ ሓድሽ መዋእል ሰላም ከምዝፈልጥ እንተተጌሩ፣ ዋላሓደ'ኳ ሕቖኦም ኣይክህቡን ኢዮም። ዋላ እንኮ ሓጥእ ካብ'ዚ ክፍለ ኣይምደለየን፣ እቲ ዘሕዝን ግን ብዙሓት ኣእምሮ'ሲ ነቲ ሓቂ ኣይክርእዩኦን ኢየን። ኣብ ክንድኡ፣ ነቶም

**እቲ ቃንዛ ምንጻግኩም’ሲ ልክዕ ከም’ቲ ኣነን ደቀ-መዛሙርተይን ኣብ ምድሪ ኣብ ዝነበርኩሉ ግዜ ዝተሳቐናዮ ከምዝኸውን ፍለጡ**

ቀዳም፣ ነሓሰ 10, 2013 ሰዓት 12፣49

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ሓደ’ኳ ካብ ሞንጎኹም ብነፍሲ ኣዝዩ ዝነጽሄ ኮይኑስ ንኻልኦት ብስመይ ክፈርድ ዝኽእል የለን። እንተኾነ ግዳ ነዚ ፍለጢ፣ እቶም ንዓይ እሙናት ዝኾንኩምን ንኣስተምህሮታተይ እትስዕቡ ዘበልኩም - ነቲ ዓለም ዝገጥማ ዝዓበየ ክፉእ ጽያፍ ክትርእዩ ከለኹም ብዙሕ ጓሂ ክትጸሩ ኢኹም።

ብስም ማሕበራዊ ፍትሒን ማሕበራዊ ርህራሄን፣ እቲ ናይ ሓሶት ነቢይ፣ ከም ዕላማ ሒዙ ዝብገሶ ነገር፣ ዓለም ከም እትርድኦ፣ ወንጌል ክሰብኽን ዘመናዊት ቤተ ክርስቲያን ክምስርትን ኢዩ። እዚኣ ቤተ ክርስቲያን ናብ ኩሎም ሓጥኣን ኢዳ ክትዝርግሕ ክትርኤን ነቶም ብኣይ ቅቡላት ዘይኮኑ ሓጥያት ንዝሓጥኡ እውን ክትቅበሎም ኢያ። ንስኻትኩም፣ ፍቑራት ሰዓብተይ፣ ነቲ ሓቂ ምንጋር ስለትቕጽሉ ከም ጉጅለ መናፍቓን ክትርኤዩ ኢኹም። ንዓይ እሙን ኬንካ ንምጽናሕ ዝግበር ኩሉ ፈተነ ብሓይሊ ክጥቃዕ ኢዩ። ንጹጋት ክትኮኑን፣ የማናውያን ክንፊ (መድሓርሓርቲ) ተቓወምቲ ተባሂልኩም ክትስየሙ ኢኹም። ዝኾነ ነቶም ልሙዳት ቅዱሳን ጽምብላት ንምዕቃብ ዝግበር ፈተነ ዕሽሽ ክበሃል ኢዩ።

ሓይሊ ናይቶም ንምድራውያን ኣብያተ ክርስቲያነይ ዘጋግዩ ኣነኣኢስካ ዝርኤ ኣይኮነን፣ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ቅዱሳት ኣገልገልተይ ነቲ ሓድሽ ናይ ሓሶት ኣስተምህሮ ክቕበሉዎ ኢዮም’ሞ። ብጌጋ ነቲ ሓድሽ ኣስተምህሮ ከም ሓደ ዓይነት ሰበኻ ወንጌል ጌሮም ክኣምኑዎ ኢዮም። ናቶም ደገፍ፣ ከም ፍቓደኛታት ኣገልገልቲ ናይ’ቲ ጽያፍ፣ ነቶም እቲ ሓቂ ዝፈልጡ ክርስቲያናት ኣዝዩ ኣሸጋሪ ክገብሮ ኢዩ። ድምጽታቶም ኣብ ሞንጎ’ቲ ጭደራታት ናይ’ቶም ገላዉ ናይ’ቲ ብስመይ ዝተፈጥሩ ሓሶታት’ሲ ከም ሕሹኽታ ክኸዉን ኢዩ።

እቲ ቃንዛ ምንጻግኩም’ሲ ልክዕ ከም’ቲ ኣነን ደቀ-መዛሙርተይን ኣብ ምድሪ ኣብ ዝነበርኩሉ ግዜ ዝተሳቐናዮ ከምዝኸውን ፍለጡ። እቶም ንእግዚኣብሄር ነፍቅር ኢና ዝብሉ ዝነበሩ ናይ’ቲ ግዜ ኣቕሽሽቲ፣ ንድምጺ እቶም ዜና መን ምዃነይ ዘምጽኡሎም ደቀ መዛሙርተይ ከህጥሙ ኣይተጠራጠሩን። ኣብ’ዚ ንዳግማይ ምጽኣተይ ዘበስረሉ እዋን፣ ነቢያተይን ደቀ-መዛሙርተይን ድምጽታቶም ክዕበጥ እንከሎን ብምርኻስ ክኽሰሱ እንከለዉን ዘሳቒ ኮይኑ ክረኽብዎ ኢዮም።

ሰዓብተይ ክስፋሕፍሑን ክስስኑን እንከለዉ፣ ከም ነዳያት ክኾኑ ኢዮም፣ ናብ ጎቦ ቀራንዮ ድማ ጥራዮም ክድይቡ ኢዩ፣ ብዘይካ እምነቶም ዘለዎም ዘይብሎም። ሃልሃልታ ብርሃነይ ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያነይ - ሓቀኛ ቤተ ክርስቲያነይ - ከምእትቕጽል እንዳገበሩ ካብ’ታ ሓቂ ፈጺሞም ኣይከልግሱን ኢዮም፣ ከምኡ’ውን ኣብ ዝባኖም ከቢድ መስቀል ክጸሩ ኢዮም። እዚ እቲ መስቀል ድሕነት ኢዩ፣ ምኽንያቱ ኣብ’ቲ ምስኪንን ዝረብረበን ሕቖኦም ንሓጥያት እቶም ንዓይ

ዝራሕርሑኒ ስለዝሸከሙ። ዕጭኦም ከቢድ ክኸዉን ኢዩ። ንዓይ ካብ ዘለዎም ፍቕሪ ዝተላዕለ፣ ብሰንኪ ካልኦት ክሳቐዩ ኢዮም፣ መታን ነተን ዘዔንግጻ ነፍሲታቶም ከድሕኑ።

እዚኦም ነፍሲታት ክድሕኑ ኣይግብኦምን ኢዩ። ዝድሕኑሉ ምኽንያት ኣነ ከድሕኖም ስለዝመረጽኩ ጥራይ ኢዩ። ንዓይ ክጸርፉኒ ኢዮም፣ ዘሰቐቕ ቃንዛ ኣብ ልዕሊ እሙናት ሰዓብተይ ከውርዱ ኢዮም፣ ከምኡ'ውን ኣብ ምድሪ ተሪፉ ንዘሎ ሰራዊተይ ከሳቕዩዎ ኢዮም። እቶም ነቲ ኣራዊት ነፍሲታቶም ዝሸጡ ካልኦት ሰባት ነዚ ይፈልጡ ኢዮም። ብገሃነም ኣይትኣምኑን ትኾኑ፣ እንተኾነ ግዳ እንታይ ዓይነት ስቓይ ከምዘምጻኣልኩም'ሲ ክገልጸልኩም ኢየ። እቲ ኣብ ገሃነም ዘሎ ደረጃታት ስቓይ ኣብ ዝገልጸልኩም መዓልቲ፣ ከሸብረኩምን ብዙሓት ካባኻትኩም ንምሕረተይ ክትጭድሩን ኢኹም። ንሕድገተይ እንተሓቲትኩም፣ ኣነ ድማ ከድሕነኩም ኢየ። ነዚ ኣብ'ታ ዓባይ መዓልቲ መጠንቐቕታ ክፍጽሞ ኢየ። እቶም ነቲ ባልባል ዝብል ሓዊታት ገሃነም ርኢኹም ክንስኹም ናባይ ዘይትምለሱ ግዳ - ነቲ ናይ መጠንቐቕታ ግዜ ኣይክትሰግርዎን ኢኹም፣ እታ ንዓይ እትነጽጉላ ህሞት ድማ መወዳእታኹም ክትከዉን ኢያ። ኩሉኹም እቶም ንዓይ እትእመኑን ንቓለይ ሓቀኛታት ዝኾንኩምን - ዋላ'ኳ ክትሳቐዩ ኩኑ እምበር - ኣብ ቅድሜኹም ዘሎ መጻኢ'ሲ፣ ግዜ ዓብዩ ሞገስ ኢዩ።

እቶም ንመጠንቐቕታይ ዘይትሰምዑ ወይ ነቲ ሓቂ ዘይተዳምጹ ኣብ ዓቢ ሓደጋ ክትኮኑ ኢኹም። እቶም ነቲ ኣራዊት እተምልኹን ነቲ ሓሳዊ ነቢይ ናብ'ቲ ሓድሽ ሃይማኖት ዓለም እትስዕቡዎን፣ ምስ'ዞም ክልቲኦም ናብ'ቲ ባልባል ዝብል ሓዊታት ገሃነም ብሂወትኩም ክትስንደዉ ኢኹም።

እቲ ሓቂ መሪር ኢዩ፣ ምስእትቕበሉዎ ግዳ ምስ ፍቑራትኩም ኳንኩም ንዘንትእለት ናብ እተስተማቕሩዎ መንግስተይ ዘእትወኩም ዘልኣለማዊ ሂወት ከምጽኣልኩም ኢዩ። ንናይ ዘልኣለማዊ ሂወት ዕትብቲ ኣይትብተኹዎ፣ ምኽንያቱ ኣዝዩ ዘሰቐቕ ስቓይ ክትሳቐዩን ዕረፍቲ ዝበሃል ኣይክዋሃበኩምን ኢዩ።

ናትኩም የሱስ

**ዕልቕልቓት ልሙዳት ተርእዮ ከኾኑ ኢዮም፣ ኣየናይ ከፋላት ናይ ዓለም ብዝያዳ ነበይ ከም ዘቕጥዑዎም ድማ ክትፈልጡ ኢኹም**

ሶኒ፣ ነሓሰ 12, 2013 ሰዓት 03፣00

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ኩላቶም ሰዓብተይ፣ እንኮላይ እቶም ብዛዕባ'ዚ መልእኽቲ ዘይፈልጡ፣ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ንዓይ ከናድዩ ናብ ኣብያተ ክርስቲያነይ ክሳሓቡ ኢዮም። ብምኽንያት ዝህቦም ህያብ መንፈስ ቅዱስ፣ ናብ ዑቕባ ልበይ ክእከቡ ኢዮም። ኣብ ዓለም ዘሎ ዘይምቕሳን ክስምዖም ኢዩ'ሞ ንኣስተምህሮይ ጸኒዖም ክጸንሑስ ሓገዘይ ከምዘድልዮም ክፈልጡ ኢዮም።

ጸላእቲ እግዚኣብሄር ንዓለም ንምትላል ውጥን ጽልኦም ከፍልጡዎ ክጅምሩ እንከለዉ፣ በቲ ጽያፍ ተግባራቶም ብዝኾነ መልክዑ ንሓጥያት ቅቡል ንምግባሩ፣ ከፍልጡ እንከለዉ፣ ብዙሓት እቲ ሃዋሁ ለውጢታት ክስምዖም ኢዩ። ዓለም ናብ ናይ ጓሂ ዋሕዚ ክትሳሓብ ኢያ፣ ብዙሓት ድማ ኣብ ኩሉ ብዝርእይዎ ሓጥያት ብዝኾነ ቅርጺ ናይ ምምላኽ ፈተነታት ክናወጹ ኢዮም።

ሓጥያተ-ስጋ ክናኣዱ ኢዮም። ከንቱነትን ክቱር ምፍቃር ነብስኻን ኣብ ሙሉእ ዓለም ክርኣያ ኢየን። ክቱር ብነብስኻ ምሕሳብ፣ ቅድሚ ሕጂ ብዘይተራእየ መልክዑ፣ ከም ሓደ ኣድላዪ ባህርይ መሲሉ ክርኤ ኢዩ። ነቶም ከም'ዚኦም ዓይነት ተድላ ዘይደልዩ፣ ክንጸጉን ከም ግሉላት ክስምዖም ክግበርን ኢዩ። ናይ'ቲ እከይ ሓጥያታት ክድነቑን፣ ሰብ ናብ'ዚ ጽላለ'ዚ ክምጻ እንከሎ፣ ኣበይ ንብዙሓት ክፋላት ናይ ብዙሓት ሃገራት ክጸራርገን እንከሎ ዓለም ዋሕዚታት ቑጥዔ ከም እትርኢ ክግበር ኢዩ። **ዕልቕልቓት ልሙዳት ተርእዮ ከኾኑ ኢዮም፣ እቶም ማያት ብነድሪ ኣብ ሃገራት ክወርዱ እንከለዉ ኣየናይ ክፋላት ናይ ዓለም ብዝያዳ ነበይ ከም ዘቕጥዑዎ ድማ ክትፈልጡ ኢኹም።**

ኩለን ርኹሳት ሃገራትኩም ከመይ ሓጥያተ-ስጋ ከም ዝቕጻዕ ቀዲመን ክምኮራ ኢየን። መታን ንኻልኦት ነፍሲታት ከይልክማ'ሲ፣ ነተን በዚ ሓጥያት'ዚ ዝሕተታ ነፍሲታት በቲ እከይ ከይውሰዳ ኣበይ ደው ከብሎ ኢዩ። ደው ከብለን ኢዩ። ድሕሪኡ ንኻልኦት ነፍሲታት ክልክማ ኣይክፍቀደልንን ኢዩ። ነዚ እከይ ክተሓሓዞ ኢዩ፣ ብኢድ እዝግዜኣብሄር ድማ መለኮታዊ ጣልቃ ምእታው ኣብ ኩሉ ክርኤ ኢዩ።

ነቶም ኣብ ከምዚ'ኦም ዝኣመሰሉ መቕጻዕቲታት እትተሓዙ ስለ ምሕረት ጸልዩ። ነቶም ዑቕባይ ደልዮም ናባይ ዝምለሱ ክሕልዎም ኢየ።

ናትኩም የሱስ

## ኣብ ቀረባ ግዜ ንኣብያተ ክርስቲያን ከም መሻቐጥን መኸሰቢን ቦታ ክጥቀሙለን ኢዮም

ሓሙስ፣ ነሓሰ 13, 2013 ሰዓት 15፣00

ኣዚኺ ዝተፈተኺ ዻለይ፣ ኣብ ኩሉ ዓለም ካቶሊክን ክርስቲያናትን እንታይ ጭንቂ ከምዝስምዖም፣ ኣብያተ ክርስቲያኖምን ኣብያተ ኣምልኾኦምን ከመይ ኢሎም ናብ ናይ መዘናግዒ ቦታታት ይቕየሩ ከም ዘለዉ ክርእዩ እንከለዉ።

ብዙሕ ንዓይ ንምኽባር ዝተባህሉ ፍጻመታት ኣብ ኣብያተ ክርስቲያናት ክፍጸሙ ኢዮም፣ እንተኾነ ንስመይ ዘዋርዱ ኢዮም። ኣብ ቀረባ ድማ ኣብያተ ክርስቲያናት ከም መናገዲን ናይ መኽሰቢ ቦታታትን ክጥቀሙሎም ኢዮም። እዚኦም ነገራት ኩሎም ክመጹ ኢዮም፣ እቶም ንዓይ ዘፍቅሩኒ ድማ ብዓብዪ ዻሂ ክነብዑ ኢዮም። ከም’ዚኦም ዝኣመሰሉ ንዓይ ዘራኽሱ ነገራት ክዋግኡ ስለዘለዎምስ እዞም መሳኪን ነፍሲታት ክንደይ ኮን ክሳቐዩ ኢዮም። ብሓይሊ ዘመንግግዖም ኑፋቐታት ማለት፣ ኣብ እዋን’ቲ ንእግዚኣብሄር ዝጸርፍ ብዙሓት ፍጻመታትን ጽምብላትን፣ ነዚ’ኦም ነፍሲታት ብዙሕ ክብረት ከምዘየርእይዎም ኢዩ። ብዙሕ ደርፍታት፣ ሰሓቓትን፣ ናይ ዓውታ ድምጽታትን፣ ሙዚቃዊ ዛንታታትን፣ ክህሉዉ ኢዮም፣ እንተኾነ ፈጺሞም ንዓይ ዝምልከቱ ኣይኮኑን። ኮይኑ ግን እዚኦም ኩሎም ጽያፍ ተግባራት ኣብ ኣብያተ ክርስቲያናተይን ኣብ ቅድሜይን ኢዮም ዝፍጸሙ።

‘ዛ ዻለይ፣ ሕጂ መብጽዓይ ስምዒ። ንነፍሲ ወከፍ ሓጥእ ከድሕን ክብል ናብ ጫፋት ምድሪ ክኸይድ ኢየ። እንተኾነ ግዳ፣ ነፍሲታት ኣዝየን ካብ ምብካለን ዝተላዕለ፣ ዝገበርኩ እንተገበርኩለን ፈጺመን ንምሕረተይ ኣይክቕበላን ኢየን፣ ዋላ ኣብ ኣፍ ሞት ምስ በጽሓ፣ ምንም’ኳ ገሃነም ከም ዝጽበየን እንተፈለጣዉን።

ስለ’ዚ፣ ነፍሲታት ክጠፍኣኒ ምኽንያን ክትፈልጡ ኣለኩም፣ ምኽንያቱ እቲ ክፍኣተን ኣዝዩ ኣብ ውሽጢ ነፍሲታተን ሱር ካብ ምስዳዱ ዝተላዕለ፣ ምንም ዓይነት ጣልቃ ምእታው ካብ’ቲ ኣራዊት ኣይክፈልየንን ኢዩ።

እቲ ክነግረኩም ዘለኒ እዚ ኢዩ። እቶም በቲ እከይ እተወረሩ ብመንገዲ ሓሶታቶም ኣቢሎም ካባይ ክፈልዩኹም ኣይትፍቀዱ። ነቶም በቶም ንዓይ ዘየኽብሩ ዝተነግሩኹም ሓሶታት ክትቅበሉ እንከለኹም፣ ንእምነትኩም ክተዳኽሙዎ ኢኹም - ዋላ ኣብ ሓንቲ፣ ንኣስተምህሮይ ዝምልከት ሓንቲ ክፋል ይኹን። ንሓንቲ ካብ’ተን ንኣተረዻጉማ ኣነ ዝነገርኩኹም ንምልዋጥ ዝተወጠነት ጠለቦም እንተተቐቢልኩም፣ እቲ እከይ ብሓይሊ ካባይ ክትርሕቑ ክፍትነኩም ክተፍቅዱ ኢኹም ማለት ኢዩ፣ ።

ካብ ኣፍ’ቲ ኣራዊት እቲ ኩሉ ርኽሰት ክወጽእ እንከሎ ኣእዛንኩም በእዳውኩም ዕበሱወን። ንምስጢራተ ቤተ ክርስቲያነይ ይኹን ንኣስተምህሮታተይ ዝኽሕድ ዝኾነ ነገር ኣይትቀበሉ። ገጽኩም ጠዊኹም ንዓይ ሰዓቡኒ፣ ምኽንያቱ ሓንሳብ እዞም

ኩሎም መጺኦም ምስ ሓለፉ፣ ሓንቲ እትኸዱዋ መንገዲ ጥራይ ኢያ ክትህሉ። እዚኣ እታ መንገደይ ኢያ - መንገዲ ሓቂ። እቲ ሙሉእ ሓቂ ጥራይ ኢዩ ቅቡል። ፍርቂ ሓቂ ማለት ናብ ሓሶት ተቐይሩ ኣሎ ማለት ኢዩ።

ናትኩም የሱስ

**ነደይ ከተኽብሩዋ እንክለኹም፣ ናብ ቤተ መቕደሳ ኬድኩም ክብርኹም ኣርእዩዋ**

ረቡዕ፣ ነሓሰ 14, 2013 ሰዓት 15፣15

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ዝኾነ ሂወት ዘለዎ ሰብ ከሳብ ክንደይ ሰይጣን መታለሊ ምኳኑ ፈጺሙ ሙሉእ ብሙሉእ ክርዳእ ኣይክእልን ኢዩ። ኣብቶም ንሱ ዝወረሮም፣ ምልክት ናይ ክፉእ ፈጺሞም ከምዘይህቡኹም ፍለጡ። ብኣንጻሩ፣ ነቲ ሓጥያት ዝመልአ መንገዶም ክገልጹልኩም እንከለዉ፣ መታን ነቲ ምትላሎም ክትቅበሉዎም ኣዝዮም ማረኽቲ፣ ተዋዘይቲ፣መለኽቲን፣ መእመናትን ክኾኑ ኢዮም።

እቶም ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያንነይ ኮይኖም ነቲ እከይ ዘኽብሩን ከም ገላዉ ንመምርሒታቱ ዝስዕቡ፣ በቲ ቅዱስ ትርኢቶም ኣዝዮም ከደናግሩኹም ኢዮም። ንብዙሓት ካባኻትኩም እውን ናብ'ቲ መንገዶም ከእትዉኹም ኢዮም፣ ንዓኻትኩም፣ ንዓይን ንፍቕርቲ ኣደይን ብሓቂ ዘኽብሩ ዘለዉ ስለዝመስሉኹም። እንተኾነ ግዳ ነፍሲ ወከፍ ምልክትን ቅዱስ መሲሉ ዝርኤ ተግባርን'ሲ ኣብ ቅድሚ'ቶም ንስመይ ከኽብሩ ዝተወጠኑ መንበረ-ታቦታት ንዝግበሩ ውርደታት ናይ ሓሶት ከውሊ ኢዮም። ነቲ ኣራዊት ከኽብሩ እንከለዉ፣ ኣብ ቅድሜኹም ቅዱስ ተግባራት መሲሎም ክርኣዩኹም ኢዮም፣ እንተኾነ እቲ ናይ ድሕሪት ንቕድሚት ዝኾኑ ኢዮም። ሓሳባቶም ኣዝዮም ቅዱስን ክብር ዝመልኦምን መሲሎም ክርኣዩ ኢዮም፣ እንተኾነ ኣይትታለሉ።

ነደይ ከተኽብሩዋ እንክለኹም፣ ናብ ቤተ መቕደሳ ኬድኩም ክብርኹም ኣርእዩዋ። እቶም ንዓይ ዘፍቅሩ ናብኣ ክኸዱ ኢዮም። ፈጺሞም ድማ ኣደይ ናብ ቅርዓት ጸላእቲ ቤተ ክርስቲያንነይ ክትመጽእ ኢያ ኢሎም ክቕበሉ የብሎምን።

እቶም ዓለም ክትቅበሎም እትሕተቶም ካልኦት ምልክታት፣ ንስላሴ፣ ኣደይን ኩሎም ቅዱሳትን ዘኽብሩ ዝመስሉ፣ ጥዑያት መሲሎም ክርኣዩ ኢዮም። እንተኾነ እቶም ጸላእቲ እግዚኣብሄር ብዝተፈልየ መንገዲ ኢዮም ክርእዩኹም። እቲ ዘይትጽበዩዎ ክቕረበልኩም እንከሎ፣ እዚ እቲ ዓቢ ምልክት ናይ'ቲ ኣራዊት ምኳኑ ፍለጡ፣ ንሱ ድማ ንነብሱን ጭፍርኡን ቅዱሳን ምኳኖም ከእምና ንዓለም ከዔሸዋ ኢዩ።

ናትኩም የሱስ

**እቲ ቀዳማይ ፍርዲ ቀሪቡ ኣሎ፣ ነቲ እከይ ድማ ከወግዶ ኢየ**

ሓሙስ፣ ነሓሰ 15, 2013 ሰዓት 21፣57

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ንኹሎም እቶም ነቲ ሓቂ ዝፈልጡ ደቀ-መዛሙረይ ኣብ'ዚ ንደቂ ሰብ ኣሸጋሪ ዝኾነሉ ግዜ ትብዓት ከርእዩ እጽውዖም ኣለኹ።

ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ድማ፣ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ውግኣት ዝላዓሉሉ ግዜኡ ኣዝዩ ቀሪቡ ኣሎ። ብዛዕባ'ዚኦም ኩሎም ውግኣት ክትሰምዑ እንከለኹምን፣ ንፍጽም ጭካነ ናይ'ቶም ኣዝዮም ዝቀራረቡ ነዚኦም ውግኣት ዘበግሱ ጨቆንቲ ክትርእዩ እንከለኹም፣ ግዜ ዳግማይ ምጽኣተይ ከምዝቐረበ ክትፈልጡ ኢኹም።

ነቲ ኣብ መጽሓፈ ዮሃንስ - እቲ ራኢ - ዘሎ ሓቂ ሕጂ ንዓኹም ክግለጸልኩም እንከሎ እተለለዩዎ እንዳበዛሕኩም ክትከዱ ኢኹም። ኣይትፍርሑ፣ ኩሎም እዞም ነገራት መጺኦም ክሓልፉ ስለዘለዎም። ብዙሓት ነዞም መልእኽታት ዘይቅበሉ ዓብዪ ጌጋ ይገብሩ ኣለዉ፣ እቲ መጽሓፍ ሓቂ'ሲ ነቶም ኣብ መጽሓፍ ራእየ ዮሃንስ ንዘለዉ ዝርዝራትን ምስጢራትን ዝሓዘ ጥራይ ኢዩ። ኣነ፣ እቲ ገንሸል እግዚኣብሄር፣ እቲ እንኮ ብዓል መዚ ኢየ - ኣነ ጥራይ ኢየ ካብ ኣቦይ ፍቓድ ዘለኒ - ነቶም ኣብ'ቲ መጽሓፍ ዘለዉ ማሕተማት ክኸፍት።

ብመጽሓፍ ሓቂ ዘይትኣምኑ እንተዀንኩም፣ ብመጽሓፍ ራእይ ዮሃንስ'ውን ኣይትኣምኑን ኢኹም ማለት ኢዩ። ተጠንቐቑ። እቶም ንመጽሓፍ ራእይ ዮሃንስ ዝነጽጉ ንምሕረተይ ይጥንጥኑ ኣለዉ። እንተኾነ ብመንገዲ መለኮታዊ ምትእትታው ኣብ ግዜ ዓቢ መጠንቐቕታይ ነቲ ሓቂ ከምዝርእዩ ክግበር ኢዩ፣ እንተዘይኮይኑ ብዙሓት ንዓይ ከቶ ኣይክፈልጡንን ኢዮም ወይ ንዓለም ዘምጽኣላ ዓብዪ ምሕረት ኣይክርድኡዎን ኢዮም። ኣብ መጽሓፍ ራእየ ዮሃንስ ዝኾነ ከይትውስኹ፣ ክትትርጉሙ ከይትፍትኑ፣ ወይ'ውን ድሌታትኩም ንምምላእ ዝኾነ ካብኡ ከይተውጽኡ፣ ከምኡ እንተጌርኩም ክትሳቐዩ ኢኹም። ነዚኦም ነገራት ምስ እትፍጽሙ ንቃል ኣምላኽ ትተናኸፉ ኣለኹም ማለት ኢዩ። እዚ መጽሓፍ ቃል ዝተኣትወልኩም ኢዩ። ነቲ ሓቂ ክገልጽ እግዚኣብሄር 7ይ ልኡኽ ሰዲዱ። ኣባይ ኣሚንኩም ነዚ ተቐበሉዎ ወይ ንበይንኹም ክትጓዓዙ ኢኹም፣ ኣብ ልዕሊ'ቶም ንቃል እግዚኣብሄር ዝነጽጉ ዝወርድ ሕሱም ምትላል ከይፈለጥኩም።

ዋላሓደ ሰብ ዘይስሕቶም ብዙሓት፣ ብዙሓት ለውጢታት ሕጂ ኣብ ዓለም ክርኣዩ ኢዮም። ሃይማኖታት ትርጉም-ኣልቦ ክኾና ኢየን፣ ሚልዮናት ንእግዚኣብሄር ዘምልኻ ኢዩ ተባሂሉ ንዝተነግሮም እምነት ኣረሜን ብምስዓቦም። ትሕትናን ፍቕሪ መሳኪንን ኢዩ ምኽንያት ናይ'ቲ ዝተሓደሰትን ዝነቕሔትን ቤተ ክርስቲያን ሓዳስ ጅማረኣ ተበስር ዘላ ተባሂሉ ክንገረኩም ኢዩ። ከም ኣባጊዕ ናብ መሕረዲኤን ዝኹብኮባ፣ ንስኻትኩም ድማ ናብ ቀላይ ሓዊ ክትምርሑ ኢኹም። ናብ ሕሱም ርኽሰት

ከምዝተሳሓብኩም ኣብ ዝርዳኣኩም ግዜ፣ ኣዚኹም ደንጒኹም ኣለኹም። ነቲ ኣራዊት ክብሪ ከተርእዩ እንከለኹም፣ ክዓስለኩምን፣ ብዙሓት ድማ ድሕሪ ግዜ ገላዩ ክኾኑን ኢዮም።

ዓበይቲ ለውጢታት ኣብ ስርዓታት ፖለቲካን መራኸቢ ብዙሓንን ዓለም ዓብዪ ምፍንጫል ከኸትል ኢዩ። እቶም ብመንገደይ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ንዓለም ብእግዚኣብሄር ንዝተዋህባ ኩሉ ነገር እሙናት ዝኾኑ፣ ክነብሩ ኢዮም። እቶም ንዓይ ዝነጽጉ ሂወት ኣይክህልዎምን ኢዩ፣ ንምሕረተይ ክቕበሉ ዘይኽእሉ ክኾኑ ስለዝኾኑ። ብሰንክ'ዚ፣ ልበይ ኣብ ክልተ ይመቓል እምበር፣ ክድንድንን ፍትሒይ ድማ ክዕብልልን ኢዩ።

እቲ ቀዳማይ ፍርዲ ቀሪቡ ኣሎ፣ እታ ሓዳስ መንግስተ-ሰማይን እታ ሓዳስ ምድሪን ነቶም ምሕረተይ እተቐበሉ ጥራይ ስለእትቕበል ነቶም ክፉኣት ከወግዶም ኢየ። ብዙሓት ከም'ዚ ክብሉ ኢዮም፣ “እግዚኣብሄር መሓሪ ኢዩ። ከም'ዚ ዓይነት ጭካነ ኣየርኢን ኢዩ።” እዚ ኢዩ እቲ መልሰይ። ብድሕሪ ሕጂ፣ ምድሪ ከም'ቲ እትፈልጡዋ ኣይክትከዉንን ኢያ። ኣብ ክንዳኣ፣ ሓዳስ ዝተሓደሰት - ዝገዘፈት፣ ካብ'ታ ናይ ቅድም ዝዓበየት፣ ዓሰርተው ክልተ ነገዳት ጎኒ ንጎኒ ብፍቕሪን ስኒትን ዝነብሩላ ምድሪ ክትወጽእ ኢያ። እቶም ንዓይ እሙናት ኮይኖም ዝጸንሑን እቶም ንዓይ ዘይፈልጡኒ ኮይኑ ግን ኣብ'ቲ እዋን መጠንቐቕታ ነቲ ሓቂ ምሰረጋገጽኩሎም ንኢደይ ዝቕበሉዋን፣ ናብ ኣፍደጌታታ ክኣትዉ ኢዮም። ድሕሬኡ ክርግጠን ኢየ። ድሕሬኡ ዝኾነ ሰብ ኣይክኣቱን ኢዩ፣ ፍርደይ ተዋሂቡ ኢዩ እሞ። ኩሉ ጓሂታት ክርሳዕ ኢዩ፣ እቶም ክፉኣት ናብ'ቲ ንዘልኣለም ዝሳቐዩሉ ገሃነም ክስንደዉ ኢዮም። ወዲ ሰብ ንዓብዪ ፍቕረይ፣ ምሕረተይን ርህራሄይን ፈጺሙ ከነኣእስ የብሉን። ኮይኑ ግን ንመቕጻዕተይ ክፈርሕ ድማ ኣለዎ፣ ምኽንያቱ ኣብ'ታ ዓባይ ዕለት ጎይታ፣ ድሕሪ ድምጺ እቲ ናይ መወዳእታ መለኸት እቲ መቕጻዕተይ ናይ መወዳእታ ኢዩ'ሞ።

ድሕሬኡ ድማ፣ ኬብቅዕ ኢዩ።

ናትኩም የሱስ

**ንቅዱሳት መጽሓፈ ጸሎታት፣ ኣልባሳት፣ መጽሓፍ ቅዱስን፣ ቅዱሳን መስቀላትን ከዕቅቡዎም ኣለዎም። እዚኦም ኩሎም ክትክኡ ኢዮም።**

ቀዳም፣ ነሓሰ 17, 2013 ሰዓት 11፣50

ኣዕዚዝኪ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ንዓይ ንየሱስ ክርስቶስ ብዘለዎም ጽኑዕ እምነትን ፍቕሪን ካብ ዝተባረኹ ብዙሓት፣ ብመንገዲ'ዞም መልእኽታት እዚኦም ኣቢለ ንዓለም ኣብ ዝዛረበሉ ግዜ ኣብ መወዳእታኡስ ንድምጼይ ከሌልዩ ይጅምሩ ኣለዉ።

እቶም ሙሉእ ሂወቶም ከም ገላዉ ነቲ ከይሲ ከገልግሉ ዘሕልፉዎ ዘለዉ እውን እቲ ዝዛረብ ዘሎ ኣነ ምኳነይ ይፈልጡ ኢዮም። በዚ ድማ እቲ ውግእ፣ ኣብ ምፍጻም ቅዱስ ፍቓደይ በዚ ሓደ ወገን፣ በቲ ሓደ መዳይ ድማ ድሌት ጸላእቲ እግዚኣብሄር ንዓይ ንምውጋእ ይጅመር ኣሎ።

እቶም ከም ኣካል ኪዳኖም ምስ'ቲ ኣራዊት ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰብ ዓቢ ስቅያት ከኼትሉ ዝውጥኑ፣ ነዚኦም መልእኽታት ኣብ ቃልዕ ክውግዙዎም ከይርኣዩ ክጥንቀቑ ኢዮም፣ ምኽንያቱ ከምኡ እንተጌሮም፣ ነቶም መልእኽታት ተቐባልነት ከውህቡዎም ኢዮም። ኣብ ክንድኡ፣ ንእምነት እቶም ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያነይ ዘለዉ ብምድምሳስ ጀሚርካ ብኻልእ መንገዲ ኣንጻረይ ጵልኢ ከስፋሕፍሑ ኢዮም። ንልቢ እቶም ንዓይ ዘፍቅሩኒ፣ ኣንጻር ከምኣቶም ንዝኾኑ ምእመናን ክርስትና ክጠውይዎ ኢዮም። ኣብ ክንዲ ነቶም ኣብ ካቶሊካዊያን ኣብያተ ክርስቲያንን ኣብ ቀረባ ግዜ'ውን ኣብ ካልኦት ኣብያተ ክርስቲያናት ንዝካየዱ ጵያፍ ስርዓታት ዝቃወሙ ክርስቲያናት፣ ንኣረሜናት፣ ጠንቀልቲ ሓድሽ ዘመንን ኣምለኽቲ እቲ ኣራዊትን ምቕባል ክጅምሩ ኢዮም።

እዞም ፍጻመታት ብሕጂ ከመጹ ኢዮም። ዋላ'ኳ ኣብ ቀረባ ግዜ ክቕየሩ እንተኾኑ፣ እቶም ሕጂ ዘለዉ ቅዳሴታትን ምስጢራተ ኣብያተ ክርስቲያንን ተቐይሮም ኣለዉ ኢልኩም በጃኹም ኣይትሕሰቡ። ምስ ተቐየሩ፣ ሕቖኹም ሃብዎም እሞ ንዓይ ተኸላኸሉለይ።

ኣብ ዝሓለፉ ሒደት ዓመታት እቶም እከይ ኣባላት ሜይሰነሪ (ማሕበር ነዳቕ) ኣብ ውሽጢ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያነይ ብዙሕ ለውጥታት ወጢኖም ኣለዉ። ድሮ ኣብ ውሽጢቶም ዝላዓሉ ሰብ መዚ እተን ኣብያተ ክርስቲያናት ከም ዝፍለጡ ተጌሮም ዘለዉ ውጥናቶም፣ ሕጂ ክእወጁ ቀሪቦም ኣለዉ። ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ዘመናዊት ክትከውን ይግበር ኣሎ፣ መታን ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ሓድሽ፣ ክፉት-ኣእምሮን፣ ሓራን ሕብረተሰብ ኣገዳስነት ክህልዋ ብዝብል መግለጺ እቶም ውጥናት ክቕልዑ ኢዮም። እቲ መግለጺ፣ ንሕሉፍ ንድሕሪት ከምእትገድፍ፣ ከምኡ'ውን ብባህርይ ጸቢብነት ከምዘይብላ ንኽተርኢ ጭርሖኣ ንኹሎም እምነታት ክትሓቁፍ ምኳና ክነግር ኢዩ። እዚ መግለጺ ኣብ ሙሉእ ዓለም ክዕለሉ ኢዩ፣ እተን ቅድሚ

ሕጂ ንካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ብዓይኒ ጽልኢ ዝርእዩኣ ዝነበራ መራኽቢ ብዙሓን ድማ ነዚ ዓቢ ዜና ኣብ ቀዳማይ ገጻተን ከሓትምኦ ኢየን።

ዘርኢ ሰይጣን ኩሉ ክዝራእን ሓደስቲ ጽምብላት፣ ቅርጺ ቅዳሴታት ካብ ድሕሪት ንቕድሚት ክቐርብ ኢዩ፣ እንተኾነ ግዳ ኩሎም እተን ንስቅያተይ ዝምልከታ ቅኑዓት ሓረጋት ብሃጠው-ቀጠው ክትክኡ ኢዮም - ባዶ ቃላት - ባዶ መዕቆሪታት - ባዶ ታቦታት። ኩሎም መስቀላተይ ድማ ብምስጢራዊ ምልክታት ናይ'ቶም ሕቡኣን ክትክኡ ኢዮም።

እዚ እቲ ንነቢይ ዳንኤል ዝተነገሮ ምብዳም ኢዩ። ኣብ ብዙሓት ቦታታት፣ እዚ መፈጸምታ ናይ'ቲ እትፈልጥዎ ዓይነት ቅዱስ ቁርባነይን፣ መፈጸምታ ናይ'ቲ እትፈልጥዎ ዓይነት ቅዳሴን ኢዩ። እንተኾነ፣ እቶም ፍቑራት እሙናት ኣገልገልተይ ነቶም ቅዱሳት ሕብስቲ ንምፍራይ ሕጂ ክዳለዉ ኢዮም። ንቅዱሳት መጻሓፈ ጸሎታት፣ ኣልባሳት፣ መጽሓፍ ቅዱስን፣ ቅዱሳን መስቀላትን ክዕቅቡዎም ኣለዎም። እዚኦም ኩሎም ክትክኡ ኢዮም።

ኣብ ቀረባ ግዜ ተኣኪብኩም መደብ ከተውጽኡ ኣለኩም፣ ምኽንያቱ ብመሰረት ፍቓደይ ቅዳሴ ከተቕርቡ ኣይክፍቀደልኩምን ኢዩ'ሞ።

እቲ እዋኑ ምስ መጸ፣ ኣቱም ቅዱሳት ኣገልገልተይ፣ ኣነ ክመርሓኩም ኢየ። እቶም እዚ ጽያፍ'ዚ ኣብ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ጥራይ ኢዩ ክርኤ ኢልኩም እትኣምኑ ክርስቲያናት፣ ክሳብ ኩሉ ንዓይ ዝጠቅስ ነገር ኮነ ምልክት ዘጥፍኡዎ ንኩለን ኣብያተ ክርስቲያናት ከምዝጸሉስ ፍለጡ። ብግዜኡ ድማ፣ ንስመይ ብምስማይኩም ብኸቢድ ክትቅጽዑ ኢኹም።

እታ ንጽህቲ እትመስል፣ እተሓደሰት፣ ግን ዝተበከለት ቤተ ክርስቲያን ብኸመይ ዝኣመሰለ ቅልጣፈ ናብ ጉጅለ ርኽስቲ ኣምላኺት ጣኦት ከም እትቕየር ከናውጸኩም ኢዩ። ነዚ ሰብ-ሰርሖ፣ ኣረሜንን፣ ሓድሽ ሃይማኖቶም ንዝቃወሙ ዘበሉ ንምቕጻዕ ድማ ሕሉፍ ጻዕሪ ክገብሩ ኢዮም።

ክርስትያናትን ኣይሁድን እቶም ቀንዲ ዕላማ ጽልኢ ክኾኑ ኢዮም፣ ከምኡ ድማ ብሰንኪ ሃይማኖቶም ክሳጎጉ ኢዮም። ኣብ ክንዲ ብፍርሒ ትምልሱ፣ ንስመይ ክትጋደሉ ክትዳለዉ እጽዋዓኩም ኣለኹ። ክሳብ ሕጂ ክሳብ ክንደይ ከምዝጽላእ ፈጺምኩም ኣይትረስዑ። ኣብ'ዞም ኣብ ቅድሜና ዝመጹ ግዜያት ንዓይ ክትስዕቡኒ ከለኹም እቲ መስቀልኩም ካብ'ቶም ቅድሜኹም ዝነበሩ ዝያዳ ከም ዝኸብድ ፍለጡ።

ናትኩም የሱስ

**ኪዳነ ምሕረት፡- መዓልታዊ ቅዳሴን ቅዱስ ቁርባንን መታን ክህቡስ መዕቆቢታት ክረኽቡ ኣለዎም**

**ቀዳም፣ ነሓሰ 17, 2013 ሰዓት 16፣45**

**ኦ ክቡራት ደቀይ፣ ኣብ'ዚ ሓጺር ግዜ ንኣቓሽሽቲ ካቶሊክ ብዝገጥሞም ስቓይ ክንደይ ኮን ልበይ ይጉሂ።**

እንኮ ድልየቶም ንእግዚኣብሄር ምግልጋልን ንነፍሲታት ናብ'ቲ ቅኑዕ መንገዲ ድሕነት ምምጻእ ዝኾነ፣ ኣዝዮም ብዙሓት ፍቱዋት ኣገልገልቲ ደቀይ፣ ምስ ኣዝዩ ገዚፍ ዝኾነ ፈተናታት ካብ ምግጣሞም ዝተላዕለ፣ ብዙሓት ብፍርሒ እምነቶም ክገድፉ ኢዮም። ብዙሓት ነቲ ሓቂ ክዔሩን ነቶም ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን ዝመጹ ዓበይቲ ለውጢታት፣ ንሰናይ ኩሉ'ዩ ብዝብል ግጉይ እምነት ክቕበልዎም ኢዮም። እቶም ንካቶሊካውያን ንዝቕረብ ምትላል ዘለልይዎ ክሃድሙ ኢዮም። ብዝገጥሞም ዕጫ ፈሪሖም፣ ንቤተ ክርስቲያን ክገድፉዋ ኢዮም፣ ኣንጻር እዚ ክፉእ'ዚ ደው ክብሉ ብርትዔ ኣይክህልዎምን ኢዩ'ሞ።

ነቲ ናይ ሓሶት ኣስተምህሮ ምቕባል ዝኣብዩ ኣቓሽሽቲ ብምንፍቕና ክኸሰሱን ብዙሓት ድማ ንሓለፍቶም ብዘይምእዛዞም ኣብ ቓልዕ ክግሰጹ ኢዮም። ብዙሓት ክውገዙ ኢዮም። ካልኦት ክስውኡ ኢዮም። ሽዑ ድማ እቶም ነታ ቤተ ክርስቲያን - ወደይ ንዓለም ዝሃባ ቤተ ክርስቲያን - ብምስጢር ዝመርሑዋ ክህልዉ ኢዮም።

ዝዕቆቡሉ ሰፈራት ክደልዩ ኣለዎም፣ መታን መዓልታዊ ቅዳሴን ቅዱስ ቁርባንን ክቕርቡ። ብመንፈስ ቅዱስ ክምርሑ ኢዮም፣ እቶም ክሳብ መወዳእታ ዕለት ንኣስተምህሮታቱን ንምስጢራተ ቤተ ክርስቲያንን ብጽኑዕ እሙናት ኮይኖም ዝጸንሑ ኣብ ምድሪ ዝተረፉ ሰራዊት ወደይ ድማ ክኸተልዎም ኢዮም።

ብዛዕባ ሓቅነት ናይ'ዚ መጠንቀቕታ ዝኾነ ጥርጥር እንተለኩም፣ ክትርድኡዎ ዘለኩም ነገር፣ ኣነ፣ ፍቕርቲ ኣደ ክርስቶስ ከም መሕብኢ ሓቀኛ ሓሳባት እቶም ኣብ ውሽጢ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያን ወደይ ኣትዮም ዘለዉ ሓይልታት ክጥቀሙለይ ኢዮም። ኣቓልቦ ሰባት ካብ ሓቀኛ ሓሳባት ናይ'ዚ ክፉእ ጉጅለ ንምጥዋይ፣ ከም ስማዊት ርእሲ ናይ'ታ ቤተ ክርስቲያን ክጥቀሙለይ ኢዮም። ነቲ ሓቀኛ ቃል እግዚኣብሄርን ልምድታት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ብእሙናቶም ከም ዘለዉ ንደቂ ኣምላኽ ንኽእምንዎም፣ ንዓይ ዘኽብሩኒ ኢዮም ዝበልዎም በዓላት ክፈጥሩ ኢዮም። ትንቢታት ናይ ፋቲማ ተጠቒሞም ምስሊ ናተይ ክራኽሱዎ ኢዮም፣ ዓብዪ ምትላል ንዓለም ብምቕራብ። ንቤተ ክርስቲያን ወደይ ንምርኻስ ንዓይ ክጥቀሙ ኢዮም፣ ብመሰረት ሕቶ እቲ እከይ ኩሉ ዝገብሩዎ ዘበለ ድማ ብግምጥልሽ ክኸዉን ኢዩ።

ንኣደ ኣምላኽ ከምዘኽብሩ ብምርኣይ ብዝፈጥሩዎ ጽልዋ፣ ብዙሓት ካቶሊካውያን ናብ ናይ ሓሶት ስምዒት ድሕነት (ምትእምማን) ክምርሑ ኢዮም። እዚ ማለት ድማ፣ ነቶም ዘደንጽዉ ሓደሽቲ ምምዕርራይ ስርዓተ ቅዳሴን ምስጢራተ

ኣብያተ ክርስቲያን ምስ ርኣዩ ክህልዎም ዝኽእል ዝነበሮ ምጥርጣር፣ ብቕጽበት ክርሳዕ ኢዩ። እዚ ክሳብ ክንደይ ዓቢ ጓሂ ከምጽኣለይ ኢዩ! ኮነ ኢሎም ንወደይ ንምርኻስ ንምስለይ ክጥቀሙሉ ኢዮም።

ሰይጣን ይጸልኣኒ ኢዩ። ይፈርሓኒ ድማ ኢዩ። ንወደይ ንምህሳይ ድማ፣ ብመንገዲ እቶም ንሱ ዝቆጻጸሮም ነፍሲታት፣ ክሳብ ብመንገዲ ናይ ምስጢር ወግዒታትን ሕቡኣት ቅዳሴታትን ንምስለይ ኣብ ምርኻስ ክበጽሕ ኢዩ። ሓወልቲታተይ ብሰይጣናዊ ምልክታት ክጊጽዎ ኢዮም፣ ኣብ ብዙሓት ቦታታት ስልጣን ዝረኸቡ ሜሰናዊያን (ማሕበር ነዳቕ) ጕጅለታት ክራኽሱኒ ኢዮም።

ደቀየ፣ ነዚ ክፍኣት'ዚ ብትብዓት ክትገጥሙ ንዘድልየኩም ሓይሊ ክትረኽቡ'ስ መዓልታዊ ጸልዩ፣ ጸልዩ፣ ጸልዩ። ኣይትፍርሑዎ። ኣብ ኩሉ ክፋላት ዓለም ሰራዊታት ሰይጣን ንብዙሓት ሃገራት ይቆጻጸርወን ከምዘለዉ ተቐበሉዎ። ነዚ ምስተቐበልኩም፣ ሽዑ እቲ ዘድልየኩም ሓይሊን ቆራጽነትን ክዋሃበኩም ኢዩ። ብመንገዲ ጸሎታት ገድሊ ኣቢልኩም ነዞም ጸጋታት እንተሓቲትኩም፣ እዚ ክፍኣት'ዚ ክፋኾስ ክትሕግዙ ትኽእሉን ክትክእሉን ኢኹም።

ፍቕርቲ ኣዴኹም
ኪዳነ ምሕረት

**ብመንገዲ ሓድሽ ማሕላ፣ ነታ ቤተ ክርስቲያን እሙናት ኮይኖም ክጸንሑ ተኣማንነቶም ከረጋግጹ ክሕተቱ ኢዮም**

ቀዳም፣ ነሓሰ 18, 2013 ሰዓት 17፥45

ኣዚኺ ዝተፈተኺ ዓለይ፣ ንካህናት ዓለም ንምትላል ዝወጸ መደብ እቲ ሓሳዊ ነቢይ ጀሚሩ ኣሎ።

ንካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ንምሕዳስን ንምጽጋንን ብዝብል ሽፋን፣ ኣብ ውሽጢ'ዛ ቤተ ክርስቲያን ዘለዉ ኩሎም ካህናት ነቲ ሓድሽ ሃዋርያውነት ክቕበሉዎ መታን ክተባብዑ ናብ ብሑታት ገዳማት ክላኣኹ ኢዮም። እዚኦም ከስፋሕፍሑን፣ ንብዙሓት ድማ ዕላምኡ ንነፍሲ ወከፍ ኣብ ዓለም ዘሎ ሰብ ብስም ፍትሒ ንምሕባሩ ኢዩ ተባሂሉ ክንገሮም ኢዩ። እዚ ሓድሽ ተልእኾ ንናይ ዓለም ድኻታት ንምሕቛፍን ሓድነት ንምምጻእን ኢዩ ተባሂሉ ክንገሮም ኢዩ። ብመንገዲ ሓድሽ ማሕላ፣ ነታ ቤተ ክርስቲያን እሙናት ኮይኖም ክጸንሑ ተኣማንነቶም ከረጋግጹ ክሕተቱ ኢዮም። እምነቶም ኣባይ ወይ ድማ ኣብ ቅዱስ ቃለይ ከገብሩ ኣይክሕተቱን ኢዮም። ኣብ ክንድኡ ግዳ፣ ተኣማንነቶም ነቶም ሓደሽቲ ንነብሶም መራሕቲ ኢሎም ዝኣወጁ ንመንበረ-ጴጥሮስ ዝሓዙ ክምሕሉ ኢዮም።

ከይትጋገዩ፣ እቶም ብህያብ ሽመተ ክህነት ዝተዓደሉ ከይተረፉ ኣብ'ዚ፣ ኣነ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ኣብ ቅድሚት ዘይስራዓሉ ምህዞ'ዚ ክሳተፉ ክሕተቱ ኢዮም፣ እንተኾነ ኣነ ከምዘለኹሉ ኢዩ ዝመስል። ገንዘብ ደራኺ ሓይሊ ክኸዉን ኢዩ፣ ሓደ ሓድሽ ገንዘባዊ ትካል ክቐዉምን ንናይ ዓለም ድኻታት ዝጠቅም ርእሰማል ንዘናድዩ ክቆጻጸርን ኢዩ።

ነቲ ናይ ሽመተ-ክህነት ስርዓትኩም ብዝኾነ መንገዲ ኣማሓይሽኩም፣ ምሳይ ዝኾነ ዝምድና ንዝበተኸ ሰብ ብሂወትኩም ተኣማንነት ምስእትህቡ፣ ድሕሬኡስ ንዓይ ከተገልግሉ ብቑዓት ኣይኮንኩምን። ኩሉ ነገር ብዓይኒ ኣምላኽ ቀሊል ከምዝኾነ ጌሩ ከምዝርኤ ክግበር ኢዩ። እቲ ውጥን ነቶም ቅዱሳት ኣገልገልተይ ብፍቓዶም ኣብ'ቲ ሕብረተሰብን ምድራዊት ዓለምን ምስ'ታ ብኣይ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ዝቖመት ቤተ ክርስቲያን ኣብ ዘራኽብ ጽያፍ ንኽሳተፉ ኸእምኑዎም ኢዩ።

ብኸም'ዚ ኢየ ኣነ ክዋረድ። ኩሉ ንምድራዊነት (ዓለማዉነት) ቅቡል ክኸዉን ዝገበር ጻዕሪ ብዘይኣመንቲ ክነኣድ ኢዩ፣ እዚ ድማ በቲ ሓድሽ፣ ዘመናዊ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ናይ ሎሚ ሕብረተሰብ ከም ጽቡቕ ነገር ክርኤ ኢዩ።

ኣብ ቀረባ ግዜ ድማ፣ እቶም ኣባላት ምድራዊት ዓለም ንካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ብብርቱዕ ስምዒት ምቕባሎም፣ ንክርስቲያናት ጋሻ ነገር መሲሉ ክርኣዮም ኢዩ። እንተኾነ ግዳ፣ ነቲ ዓብዪ ምትላል ምስ ወደቑ ብዙሓት ንምጥርጣራቶም ሽለል ክብሉን ንስግኣቶም ክውግዱን ኢዮም። ጽልኢ ንዓይን ንኹሉ'ቲ ንቤተ ክርስቲያነይ ዝሃብኩዎን፣ ኣብ ሕምብርቲ'ዚ ኣብ ቤተ ክርስቲያን መሰረታዊ ለውጢ ንምምጻእ ዝግበር ውጥን ይርከብ። ኣብ ቅድሜኹም ኣብ ዘለዋ መዓልታት፣ ንኹሉ

ነገር ሕተቱሉ። ንኣስተምህሮይ ቀይሮም ንኣረሜናት ክጥዕሙ ኢሎም ክጠውዱዎም ከለዉ፣ መልሲ ይዋሃበና በሉ። ዝኾነ ብኣይ ዝተመዘዘ ወደ መዝሙር ነዚ ክገብር ስልጣን ኣይክዋሃቦን ኢዩ፣ ከም ምርኻስ ኢዩ ዝሕሰብ እሞ።

ቅዱስ ቃለይ ክተናኽፍ ዘፍቅዱን ነቶም ንዓይ ዝኽሕዱ ዘበሉ ንምኽባር ዕድል ዝኸፍቱ ዘበሉስ ወይልኦም።

ናትኩም የሱስ

**ኪዳነ ምሕረት፣ ኣብ ኩሉ ዘለኹም ደቀይ - ኣብ'ዚ እዋን ጓሂ - ንዓይ ንፍቕርቲ ኣዴኹም ክትሰምዑኒ ኣለኩም**

ሶኒ፣ ነሓሰ 19, 2013 ሰዓት 18፣28

ኣብ ኩሉ ዘለኹም ደቀይ - ኣብ'ዚ እዋን ጓሂ - ንዓይ ንፍቕርቲ ኣዴኹም ክትሰምዑኒ ኣለኩም። ብፍላይ ነቶም ንዓይ፣ ንኣደ ኣምላኽ፣ ዓቢ ተወፋይነት ዘለኩም እጽውዓኩም ኣለኹ - ኣብ'ዚ እዋን ዓብዪ ክሕደተ-እምነት ከጸናንዓኩም እንከለኹ። ነዚ ካብ ሰማያት ዝመጽእ ጣልቃ ምእታው ብጽቡቕ ጸጋ ክትቅበልዎ ኣለኩም፣ ከምኡ'ውን ሳላ ዓቢ ፍቕሪ ፍቑር ኣቦይ ነዚ ዓቢ ህያብ ስለዝተዋሃብኩም ከተመስግኑ ኣለኩም።

እቲ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ሙሉእ ዓለም ንቤተ ክርስቲያን ወደይ ዝውሕጣ ዓብዪ ማዕበል ኣረሜንነት ካብ ተጻዋርነትኩም ንላዕሊ ምስዝኸዉን ንኣማላድነተይ ክትሓቱ ኣለኩም። ዝኾነ ይፈጸም፣ ንወደይ እሙናት ኬንኩም ምስእትጸንሑ፣ ከተስግሉ ዋላ ኩሉ ዓይነት ፈተነ እንተተገብረ፣ ኩሉ ግርም ክኸዉን ኢዩ። ፍጽም ተስፋ የብሉን ኢልኩም ከይስማዓኩም፣ ምኽንያቱ እቲ ዓብዪ ክብሪ ወደይን ፍቓድ እግዚኣብሄርን ኣብ ቀረባ ግዜ ክግለጽ ኢዩ'ሞ።

ኣብ ቤተ ክርስቲያን ክሳብ ክንደይ ዝምብዝሖም ናብ ከቢድ ጌጋ ይመርሑ እምበር፣ ቃል እግዚኣብሄር ከም ሓዊ በረኻ ክላባዕ ኢዩ። እቶም ክልተ መሰኻኽር ቃል እግዚኣብሄር - እታ ሓቀኛ ቤተ ክርስቲያንን ቤተ እስራኤልን ነዚ ግዜ ፈተና ክሓልፉዎ ኢዮም። ሓዊ ብመልክዕ መንፈስ ቅዱስ ካብ ኣፎም ክፈስስ ኢዩ።

ኣብ ግዜኡ፣ እቲ ናይ ጥፍኣት ርኽሰት ምስ ተገልጸ፣ እቶም ነቲ ሓቂ እሙናት ዝኾኑ ክላዓሉን፣ መንግስቲ ክርስቶስ ድማ ናቶም ክትከውንን ኢያ። ሓሶታት ኩል ግዜ ክቕልዑ ኢዮም፣ ዋላ'ኳ ኣብ'ቲ መጀመርያ፣ እቶም ብህያብ መንፈስ ቅዱስ ዝተመላእኩም ነቲ ዘሰቕቕ ርኽሰት ኣብ ውሽጢ ኣብያተ ክርስቲያናት ወደይ ምስእትርእዩ ብዙሕ ክትሳቐዩ እንተኾንኩም። እቲ ሓቂ ክርኤን፣ ኩሎም እቶም ኣብ ፈለማ ከምዝስሕቱ ዝተገብሩ፣ ኣብ መወዳእታኡስ ነቲ ኣብ ቅድሜኹም ዝዝርጋሕ ክፉእ ክርድኡዎ ኢዮም።

ኣብ'ዚ እዋን ዘሳቒ ጉዕዞ፣ ኣብ'ቲ ንቃል እግዚኣብሄር ሓቀኛ ኬንኩም ክትጸንሑ ከምዝኾንኩም ብምትካልኩም ከም ገበነኛታት እትቑጸሩሉ፣ ብወደይ ጥራይ ክትኣምኑ ኣለኩም። በጃኹም፣ ባዕሉ ወደይ ናብ ቀራንዮ ንዝተጓዕዞ ጉዕዞ ዘከሩ። ነዚ መስቀል ብፍቕሪን ክብሪን ተቐበሉዎ፣ ንጾሩ ክትስከሙሉ እንከለኹም'ሲ ንወደይ ኣዚኹም ተሔጉስዎ ኣለኹም። ብመንገዲ መስዋእትኹምን ስቓይኩምን፣ ነቶም ኣዝዮም ዘይግብኦም ነፍሲታት ከድሕን ኢዩ፣ ድሕሪኡ ድማ ንኹሎም ደቂ ኣምላኽ ክሕብሮም ክኽእል ኢዩ።
ፍቕርቲ ኣዴኹም
ኪዳነ ምሕረት

**ሚልዮናት ዝያዳ ድምጻይ ከምዝሰምዑ ኬረጋግጽ ኢየ**

ሰሉስ፣ ነሓሰ 20, 2013 ሰዓት 19፣20

ኣዚኺ ዝተፈተኺ ጓለይ፣ ንኹሎም ሓጥኣን ዘለኒ ፍቕሪን ርህራሄን፣ ንቢልዮናት ነፍሲታት ምሕረት ምሃብ ማለት ኢዩ። ካብ ሎሚ ጀሚረ፣ ኣዒንቶም ንደቂ ሰብ ንዝህቦ መልእኽትታተይ ክኸፍቶ ኢየ። መታን ብዙሓት ዝጠፍኡ ነፍሲታት ናብ'ታ ሓዳስ ገነት ክወስድ'ሲ፣ ሚልዮናት ዝያዳ ንቃላተይ ከምዝሰምዑ ኬረጋግጽ ኢየ። ኩሎም እቶም ብሰንኪ ድርቕንኦም ነዚኦም መልእኽታት ፈጺሞም ዘይቅበሉ ነፍሲታት፣ ሕጂ ከምዘለዉዎ ክርእይዎም ኢዮም - ብወገነይ ብዘርእዮ ተግባር ምሕረት - መታን ንነፍሲታቶም ከድሕን።

እቶም ንመልእኽታተይ ወጊዞም ናይ ዲያብሎስ ቃላት ኢዮም ዝበልዎም ኣቕሸሽቲ፣ ሽዑ፣ ነፍሲታት ንሰማያዊ ድምጻይ ንኸይሰምዑ  ዕድል ብምኽልኦም እንታይ ዓይነት ከቢድ ጌጋ ከምዝፈጸሙ ክርድኦም ኢዩ።

ሰላም ክረኽቡ ዝቃለሱ ዝነበሩ ዘይኣመንቲ ድማ ሕጂ ናብ መልእኽታተይ ክሳሓቡን ኣብ ቀረባ ድማ ካባይ ምጽንናዕ ክደልዩን ኢዮም። ይጽበዮም ኣለኹ፣ ናባይ ገጾም ምስ ሰጎሙ ብሉ ንብሉ ድማ፣ መታን ንዓይ ሸለል ክብሉ ሓይሊ ክስእኑ ንፍቕረይ ከምዝናፍቑ ክገብሮም ኢየ።

ንዓይ ንፍቑር ወዱ ዘይቅበሉ ኣመንቲ ኩሉ ዝካኣሎ እግዚኣብሄር ኣቦ፣ ኣብ ውሽጢ ነፍሲታቶም ምብርባር ክስምዖም ኢዩ። ዓለም ምፍላጣ ክሳብ ዝስእኑ እትቀያየረሉ መንገድታት ክርእዩ እንከለዉ፣ ስለ'ቲ ሓቂ ከእውዩ ኢዮም።

ሽዑ፣ እቶም ንዓይ ዘፍቕሩኒን ኣብ እምነቶም ዝጸንዑን፣ እንተኾነ ግዳ ንነፍሲታቶም ክጽውዕ እንከለኹ ከሌልዩኒ ዘይኽእሉ፣ በቲ ናይ መወዳእታ ፍጻመ ማለት እቲ መለኮታዊ ህላዌይ ክግለጸሎም እንከሎ፣  ክስነፉ ኢዮም። እዞም ሰዓብተይ ኣብ'ቲ ናይ መወዳእታ ጉዕዞ ብግቡእ ክመርሖም ከፍቅዱለይ እንከለዉ ክሕጎስ ኢየ።

ንዓለም እዞም ህያባት ዝህባ ንኹሉ ሰብ ስለዘፍቅር ኢየ። ነዚ ህያብ ብፍቕሪን ብምስጋናን ተጸበይዎ።

ናትኩም የሱስ

**ናይ ሓጥያት ብከላ ክሳብ ዝጠፍእ ዳግማይ ምጽኣተይ ኣይክፍጸምን ኢዩ**

ረቡዕ፣ ነሓሰ 21, 2013 ሰዓት 18፣05

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ እቲ ግዜይ እንዳቐረበ ክመጽእ እንከሎ ምሕዳስን ምንጻህን ዓለም ተጀሚሩ ኣሎ። ናይ ሓጥያት ብከላ ክሳብ ብመንገዲ ኣብ'ዛ ምድሪ ዘድሊ ምንጻህ ክሳብ ዝጠፍእ ዳግማይ ምጽኣተይ ኣይክፍጸምን ኢዩ።

ምድሪ ክትነጽህ እንከላ፣ ነፍሲታት ኩሎም እምነታት ናብ መንፈስ ምሕዳስ ክጥሕሉ ኢዮም፣ ብዙሓት ድማ ከቢድ መንፈሳዊ ጥምጥም ከሕልፉ ኢዮም። እንታይ ከምዘሕልፉ ዘለዉ ኣይክርድኡምን ኢዩ፣ እንተኾነ እዚ ክኸውን ዝፈቅድ ዘለኹ ብሰንኪ ምሕረተይ ኢዩ። መታን ኣብ ቅድመይ ደው ክብላን ኣብ'ታ ሓዳስ ገነት ዘልኣለማዊ ሂወት ክረኽባን፣ ነፍሲታት መጀመርያ ክነጽሃ ኣለወን። እዚ ምንጻህ'ዚ ነተን ብምስጓግ እቲ ጸረ-ክርስቶስን ብመሰጋገሪ እዋን ናብ'ታ ሓዳስ ገነትን ዝሓልፋ ነፍሲታት፣ ኣብ'ዛ ምድሪ ኢዩ ክፍጸም። ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ምድሪ ንባዕላ ምሕዳሳ ክትጅምር ኢያ፣ ከምኡ ድማ ኩሉ እከይ ዘበለ መድረኽ ብመድረኹ ተጸህዩ ክድርበ ኢዩ።

ኣቦይ ዓቕሉ ብዘይምውድኡን፣ ንደቁ ከም ክብደት ሓጥያቶም ስለዘይቀጽዖም ኣመስግኑ። ሕጂ ሕቖኡ ዘይህብን፣ ብቐሊሉ ነቶም ብሓቂ ዘፍቅርዎ ነፍሲታት ጥራይ ሒዙ ካብ'ዛ ብሰንኪ ዓመጻ ዝኣክል ተፈንፍኖ ምድሪ ዝኸይድ ብዘይምኳኑን ኣመስግኑዎ።

ኣቦይ ዝጽመመሉ ምኽንያት፣ ደቁ ፍጥረቱ ስለዝኾኑ ኢዩ፣ ከምኡ ድማ ብሰይጣን ክውሰዱ ኣይክፈቅድን ኢዩ። እቲ ኮኾብ ጽባሕ ካብ ኣዝዩ ምቕንኡ ዝተላዕለ፣ ኣቦይ ንሰብ ብገዛእ ምስሉ ምስፈጠሮ፣ ንሰብ ኣንጻር ፈጣሪኡ መታን ከጻልኦ ክሳብ እታ መወዳእታ መዓልቲ ከምዝቃለስ ምሒሉ ኢዩ።

**ኣቦይ ካብ ፍቕሪ ዝተላዕለ፣ ንሓይሊ ሰይጣን ንምድኻም ጣልቃ ክኣቱ ኢዩ። ነቲ ናይ ሓሶት ነቢይ፣ ነቲ ጸረ-ክርስቶስን ነቲ ክፉእ መንፈስ ዘጠቓልል፣ ንስሉስ እግዚኣብሄር ክመስል ሰይጣን ዝገብሮ ነፍሲ ወከፍ ፈተነ ክዕንቀጽ ኢዩ። እዚ ውግእ ሕማቕ ክኸዉን ኢዩ፣ ንብዙሓት ካብ ጭብጢ ሰይጣን ተቓሊሰን ክወጻ ኣዝየን ድኹማት ዝኾና ነፍሲታት ዘይርትዓዊ ክኸዉን ኢዩ፣ እንተኾነ ግዳ ኩሉ ዝካኣሎ ኣምላኽ ክስዕር ኢዩ።**

ኩሉኹም፣ ናብ ኣቦይ ተመሊስኩም ነፍሲታትኩም ከድሕንን ነቲ ኣራዊት ኣብ መንገዲ ኩነኔ ካብ ምስዓቡ ክሕልወኩም ክትልምኑዎ ኣለኩም።

ናትኩም የሱስ